**ንግዳዊ ባንክ ኤርትራ ጨንፈር ተሰነይ፣ ትካላቶም ብወራር ወያነ ንዝዓነወን ዝተዘምተን ወነንቲ ትካላት 21 ሚልዮን ናቕፋ ኣለቂሑ።**

**----------------0-----------------**

ንግዳዊ ባንክ ኤርትራ ጨንፈር ተሰነይ፣ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ኣዋርሕ፣ ንግዳዊን ሕርሻዊን ትካላቶም ብወራር ወያነ ንዝዓነዎም ዜጋታት ከምኡውን ንሰራሕተኛታት መንግስቲ መትከል እግሪ ዝውዕል 21 ሚልዮን ናቕፋ ከምዘለቕሐ ኣካያዲ ስራሕ እቲ ባንክ ኣቶ ሰለሙን ጎይትኦም ሓቢሩ።

ብመሰረት ሓበሬታ ኣቶ ሰለሙን ጎይትኦም፣ እቲ ብልቓሕ ዝተዋህበ ገንዘብ፣ መንግስቲ ኤርትራ ንፍሉይ መደብ ዳግመ ምጥያስ ዝሰልዖ እዩ። በቲ ዝተመደበሉ መገዲ ድማ ምስ ምምሕዳራት ብምትሕብባር ንተጠቀምቲ ተዋሂቡ ከምዝተወድኤ ኣቶ ሰለሞን ኣረዲኡ።

እዚ ንመደብ ተሃድሶ ዝተዋህበ ልቓሕ፣ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ዓመት ብ8 ሚእታዊት ወለድ ዝኸፈል ምዃኑ ተፈሊጡ።

ብኻልእ ወገን፣ ንግዳዊ ባንክ ጨንፈር ተሰነይ፣ በቲ ልሙድ ዝህቦ ናይ ልቓሕ ኣገልግሎት፣ ሓሙሽተ ሚልዮን ናቕፋ ንዓማዊሉ ከምዘለቕሐ ኣቶ ሰለሙን ሓቢሩ።

ተገልገልቲ ኣብ ባንክ ዘለዎም ኣፍልጦን እምነትን በብግዚኡ እናዓበየ ይመጽእ ከምዘሎን ዝወሰድዎ ልቓሕ ኣብ ግቡእ ግዜኦም ይመልሱ ምህላዎምን ድማ ኣፍሊጡ።

**********ኤ.ዜ.ኤ*********